**ኤርትራ ዕድለኛ።**

እዛ ኤርትራ ሃገርና ከንደይ ተዓዲላ፡
99.99% ካብ ህዝባ እዚ ቆንስላ፡
ሓቃንድያ ኩሉ ዓይኑ ከፍጥጠላ።

ምየን እተን ንጥፍኣታ ብዙሕ ተመነያ፡
ሕጂ ማዕስ ኾይኑ ናብ ብሻ ጉያ ጉያ፡
ክስልያ ድየን ወይ ሓቂ ክርእያ።

ተንኮላተን ምስ ተኸሽፈ ብኹሉ፡
በጺሔን ደረጃ ኣሉ ዘይብላሉ፡
ህዝበይ ሰራሕ ቕያ ኮምኡ'ዩ ኣመሉ።

ንሰን ይሓስባ ብሓይሊ ከንበርክኻ፡
ንሓሶት ሓቂ ኣምሲለን እናተረኻ፡
ሎሚ እንዶሞ ብሰራሕ  ጅግና ተማረኽ።

መሰል ደቀንስትዮ ተጋሂሱ ኢለን ከምዘይ ኣዕለላ፡
ጓል ሓራስ ነብሪ ኣብ ብሻ ምስረኣያ እንታይ በላ፡
ስቕ ምባል ይሓይሽ ንጽራይ ከይሕወሶ ሓተላ።

ለባማት እንተዘይነብሩ ሩቕ ጠመቲ፡
ዓቃላት ሰብ መሊኡ  ልቦና ዝፈስስ ትዕግስቲ፡
ምወግሔት'ዶ መስለኹም እቲ ጸልማት ለይቲ?

ገመል ኢኻ ነዊሕ ማሓውሩ ገመል በረኻ፡
ጎቢየ ተሪር ዕርዱ መማኸርትኻ፡
ክንደይ እኳ'የን ተዛሪበን በኣኻ።

ምስ ፈለጣ መትከልካ ከምዘይ ውቀር ብጥቕሚ፡
ክብላኻ ጀሚረን ሙብጽዓ ህዝቡ ጠላሚ፡
ሎሚ ደኣ እንታይ ተረኽበ ዘብለን እቕረ በለኒ።

ኪድ ጥራሕ ቀጽሎ ጉዕዞ ግስጋሰኸ፡
ህዝቢ ምሳኻሎ ብዓዲ ይኹን ብበረኻ፡
ኣስናነን ሮጒፈን ወየን ተጻባእትኻ።

በትሪ ሓቺ ብሓቂ ሎሚ ተዘኪሪ፣
ክንደይ ጊዜ ቀጢንኪ ክትነብሪ፣
ይገሃድ ኣሎ ሓሳዊ ከምዘይብሉ ዕምሪ።
ጥልያን ካልኾ ቀሊዑ ይሰጎም ኔሩ ነቦታትና፣
ከምዘየገልገሉዎ ኣብ ግዜ ዕስክርና፣
ካብዚ ተማሂርካ ግደፎ ሎኽሎኽ ምስጓና።
ሎሚ ካልኾ ጥራሕ ኣይኮኑን ዝህቡኻ፣
ርእስኻ ክሳብ ዝዘውር ካሶቲ ይደግሙኻ፣
ዓዲ ውዕል ገሮም ከኣ ይገድፉኻ።
ሓድነትና ካብ ኮነ ዓወትና ሓባሪ፣
ጸረ ሃገርና ዝብገስ ንመኪቶ ብትሪ፣
ደቕና ከነውርሶም ዘለኣለማዊ ክብሪ።

ኽብርን ሞጎስን ነሰማእታትና።
ጽንዓትን ጥዕናን ንሰራዊትና።
ዓወት ንመኸተና።
ገብረንጉስ መስመር።